# ካብ ጋንታ ኣመሪካን www.FreeEritrea.orgን ዝቐረበ መግለጺ።

**ለካቲት 25, 2010።**

ብቐጻምነት ንኹሎም እቶም ኣብ ኤርትራ ሓቀኛን ሰላማውን ለውጢ ንኽመጽእሞ ግቡእ ኣተሓሕዛ ኤርትራውያን ንኽፍጠር ዝምነዩ ሰናይ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ኤርትራውያንን ካልኦትን ከምኡውን ነቶም ብሰንኪ ነታ ሃገር ወሪዱዋ ዘሎ ጭቆና ካብ ዓዶም ወጺኦም ካብ ኢድ ካልኦት እናተጸበዩ ስደተኛታት ንኺኾኑ ተገዲዶም ዘለዉ ኤርትራውያን ሰላምታና ነቕርብ።

ንሕና ከም ጋንታ ኣመሪካ ንሓርነት ኤርትራ መጠን ኣብ መንጎ ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ስኒትን ሓድነትን ንኽፍጠር ከምኡውን እቲ ንህዝቢ ኤርትራ ወሪዱዎ ዘሎ ኣደራዕ ብኤርትራውያንን ካልኦትን ብፍላይኳ ኣብ ሃገረ ኣመሪካ ብመንግስትን ነጻ ውድባትን ግቡእ ኣቓልቦ ንኽረኽብ ብመገዲ FreeEritrea.org ኣቢልና ንሓያሎይ ዓመታት ዜናን ሓበሬታን ንምዝርጋሕ ጽዒርና ኢና። ብዘይካዚ ድማ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ኣውራ ኣውራ ከኣ ነቶም ኣብ ኢትዮጵያን ኣመሪካን ዝርከቡ ንምሕጋዝ ቀጻሊ ጻዕርታት ኣካይድና ኢና።

ሕጂ ግና እቲ ዘተሓሳስብ ኩነታት ስደተኛታት ኤርትራውያን ዘለዎ እዋናውነትን ኣገዳስነትን ብምርኣይ ሙሉእ ኣድህቦና ንምሕጋዝ ስደተኛታት ጥራይ ንኺኸውን ብምውሳን ለውጢ ንገብር ኣለና። በዚ መሰረት፡

1. ስምና ጋንታ ኣመሪካ ንዝተመዛበሉ ኤርትራውያን ናብ ዝብል ክቕየር እዩ።
2. ምስኡ ዝኸይድ ሓድሽ ሕጋዊ ኣርማ ክህልወና እዩ።
3. ትሕዝቶ FreeEritrea.org እውን ዝልወጥ ኮይኑ ነዚ ዝስዕብ ክካትት እዩ፡
    - ንስደተኛታት ኤርትራውያን ዝምልከት ዜናን ሓበሬታን
    - ኣብ ኣመሪካ ንዝጣየሱ ሺመልባ ነበር ስደተኛታት ዝምልከት ፍሉይ ገጽ
    - ሓፈሻዊ ዜና ኤርትራ
4. ኣባልነት ጋንታ ምስፋሕ።
5. ንስደተኛታት ኤርትራውያን ዝውዕል ገንዘባዊ ሓገዝ ናይ ምርካብ ጻዕርታትና ምድንፋዕ።

ኣብ ዌብሳይትና ንገለ ክፋል ናይቲ እንገብሮ ጻዕርታት ዝምልከት ለውጢ ክትርእዩ ኢኹም።

ተጠቀምቲ ዌብሳይትና ነቲ ዛጊት ዝገበርኩምልና ምትብባዕን ዘርኣኹምዎ ተገዳስነትን እናሞገስና ንመጻኢውን ቀጻሊ ሓገዝኩም ከምዘፍለየና ንተኣማመን።